# ጽንብል 8 መጋቢት ኣብ ሽቱትጋርት

ቀዳም ዕለት 05 መጋቢት 2011 ድሙቕ በዓል 8 መጋቢት ተባዒሉ። ኣብዚ ኣስታት 400 ዝኾኑ፡ ኤሪትራውያን ተቐማጦ ሽቱትጋርትን ከባቢኣን ዝተሳተፍዎ ልዑል ሃገራዊ መንፈስ ዝዓሰሎ ድሙቕ ብዓል፡ ኣብ ብዝተፋላለየ ጭርሖታት ን 8 መጋቢት ዝገልጹ ወቒቡን ማዕሪጎምን ዝተሸለመ ኣዳራሻ ተጸንቢሉ።

እዚ ብግቡእ ማዕሪጉ ህዝቢ ንከእንግድ ተዳልዩ ዝነበረ ኣዳራሽ ሰብ መሊኡ ናይ ምጅማሩ ሰዓት ምስ ኣኸለ፡ ዋና ጸሓፊት ሃማደኤ ወይዘሮ ኣስቴር ኣርኣያ ነቲ መደብ ንምጅማር ብዝክረ ሰማእታት ድሕሪ ምኽፋት መደብ ናይቲ ምሸት ገለጸት። ፈላሚ መደብ ናይቲ ምሸት፡ በቶም ህቡባት ዝኾኑ ጉጅለ ያታ እምብልታ ብጉጅለ ባህሊ መርሓባ ኣዴታት ተሰንዮም ካብ ኣፍደገ ናይቲ ኣዳራሽ ብወንኻ ዘዋናውን ድሙቕ ህርመትን ጨብጨባን ደበኽ ምስ በሉ፡ ህዝቢ እለልታ እናለገሰሎም ናብ መድረኽ ደይቦም ድጉል ወኒ ናይቲ ህዝቢ ብዝያዳ ከም ዝዓቢ ገይሮም ድማ ድሙቕ ትልሂት ኣርኣዩ። ብምቅጻል ብኣደ መንበር ሃማደኤ ሽቱትጋርትን ከባቢኣን ወይዘሮ ጺጋ ወልደገርግስ መግለጺ 8 መጋቢት ቀሪቡ። መልእኽቲ ክቡር ኣምባሳደር ሃገረ ኤሪትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ጰጥሮስ ጸጋይን ናይ ደገፍ መልእኽቲ ኣዋሃሃዲት ሽማግለ ሽቱትጋርትን ከባቢኣን ብኣቶ ተስፋይ ተወልደ ምስ ቀረበ፡ መድረኽ ናብቶም ሐድሽ ተርእዮ ባህሊ ዝኾኑ ኣባላት መንእሰያት ህግደፍ ዝኾኑ ፍናን ተኸለን ዮዲት ክብሮምን ተሰጋገረ። መጀመርታ ናብ መድረኽ ብምውጻኦም ናይ ብሓቂ ልዕሊ ትጽቢት ናይቲ ህዝቢ ኮይኑ ህዝቢ ሓጎሱ ገሊጹ ዝግበኦም ክብረትን ለግስን ኣበርኪትሎም። ንክቕጽልዎን ካልኦት ኣሰርም ክስዕብዎምን ድማ ብለበዋን ብጨብጨባን ሰናይ ትምኒት ተመንይሎም።

ቀጺሉ ዝሰዓበ በቶም ቅንዲ ናይቲ ምሸት ነቲ በዓል ድምቐት ንክህብዎ ዝተመደቡ ጉጅለ ባህሊ ማለት ሻኩር፡ ዮናታን ኣሰፋውን ኣስመራ ኪዳን ተጀሚሩ። ነቲ ብሰንኪ ናይ ከተማ ኤለክትሪክ ጸገም ዝጠፍኤ ቁሩብ ግዜ ንምትካእ ብዘይ ዕርፍቲ ብምጽዋት ህዝቢ ወኑ ወዲኡ ክሳብ ዝውጽእ ብዝገበርዎ ተበግሶ ህዝቢ ዓጊቡ ምስጋናን ኣድንቖትን ኣቕሪብሎም። ኣዚ መዓስ ጥራይ፡ ካብቲ ክውዳእ ዝተመደበሉ ግዜ፡ ንሓደ ሰዓት ብምንዋሕ ኩሉ ሰብ ክሳብ ይኣኽለና ዝብል ብምጽዋቶም ተሓጉሹ።

ኣብ ካልእ ተማሳሳሊ በዓል ክሳብ ንራኽብ ብሰላም የጽናሓና ብምባል ፍጻሜ ናይቲ ብዓል ኮይኑ።

ሃ ማ ደ ኤ ሽቱትጋርትን ከባቢኣን

ዓወት ንሓፋሽ

**ስእላዊ መግለጺ ንምርኣይ ኣብዚ ንጠውቕ**